**DRC Dansk Flygtningehjælp**
Lyngbyvej 100
Indgang: Asyl og Repatriering
DK 2100 København Ø
Danmark

T: +45 3373 5000
drc@drc.ngo
www.drc.ngo

DANISH REFUGEE COUNCIL

# ኣብ መስርሕ ዳብሊን ብዓበይቲ ንዘይተሰነዩ ቆልዑ ዝምልከት

ትሕቲ ዕድመ ቆልዓ ዲኻ? ወላ እኳ ኣብዚ ዓዲ ስድራቤት እንተሃለዉኻ፡ ብኣገባብ መስርሕ ዳብሊን ናብ ዴንማርክ ምእታው ተኸልኪልካ ዲኻ? ከምኡ ካብ ኮነ ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ። ንዝያዳ ሓበሬታ ንቤት ምኽሪ ስደተኛታት ዴንማርክ (DRC - ዲ.ኣር.ሲ) ተወከሱ።

እቶም ብዘይ ወለዶም ወይ ካልኦት ተሓተትቲ ዝኾኑ ዓበይቲ ሰባት ዘይብሎም ቆልዑ ዑቕባ ክሓቱ ከለዉ፡ እቶም ቆልዑ መሰነይታ ዘይብሎም ተባሂሎም ይጽውዑ።

ብመሰረት ደንቢ (ሕጋዊ መስርሕ) ዳብሊን፡ መሰነይታ ዘይብሎም ቆልዑ፡ ጉዳይ ዑቕባኦም ኣብታ ብሕጋዊ መንገዲ ዝነብሩ ኣባላት ስድራቤት ወይ ኣዝማዶም ዘለዎም ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ ክካየድ ኣለዎ፡ እዚ ንረብሓ እቲ ቆልዓ ዝገልጽ ምስዝኸውን እዩ። ኣባላት ስድራቤት ክበሃል ከሎ፡ ንኣብነት ወለዲ፡ ኣሕዋት፡ ኣኮታት፡ ኣሞታት፡ ሓትነታት ወይ ኣቦ ሓጎ ክኾኑ ይኽእሉ።

እዚ ማለት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ንመሰነይታ ዘይብሎም ቆልዑ ምስ ኣባላት ስድራቤቶም ወይ ኣዝማዶም ንምጥርናፍ ደንቢ ዳብሊን ክጥቀማ ይኽእላ እየን ማለት እዩ።

ንኣብነት ሓደ መሰነይታ ዘይብሉ ቆልዓ ኣብ ግሪኽ ዑቕባ ይሓትት ንበል፡ ወለዱ፡ ኣሕዋት ወይ ኣዝማዱ ኣብ ዴንማርክ ምስ ዝህልዉ፡ ኣብ ከምዚ ኩነታት ሰበስልጣን ግሪኽ ንኣገልግሎት ኢሚግሬሽን ዴንማርክ ናይቲ ቆልዓ ጉዳይ ዑቕባ ሓላፍነት ክወስድን ነቲ ቆልዓ ናብ ዴንማርክ ክመጽእ ክፈቅድን ክሓቱ ይኽእሉ።

ኣገልግሎት ኢሚግሬሽን ዴንማርክ ነቲ ቆልዓ ናብ ዴንማርክ ንክመጽእ እንተኣብዮም፡ እቲ ቆልዓ ይግባይ ክብል ይኽእል።

## ከመይ ጌረ ይግባይ እብል?

ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ዴንማርክ (DRC - ዲ.ኣር.ሲ) ንኹሎም ኣብ ደንማርክ ብመሰረት ደንቢ (ኣገባብ) ዳብሊን ዝርከቡ ሓተቲ ዑቕባ ብኣገልግሎት ኢሚግሬሽን ዴንማርክ ንዝተወሰነ ውሳነ ይግባይ ክብሉ ዝደልዩ ነጻ ሕጋዊ ምኽርን ውክልናን ይህብ።

ከም ንቡር እቶም ድሮ ኣብ ዴንማርክ ዝነብሩ ሓተትቲ ዑቕባ ጥራሕ እዮም ነቲ ብኣገልግሎት ኢሚግሬሽን ዴንማርክ ዝተዋህበ ውሳነ ዳብሊን ይግባይ ክብሉ ዝኽእሉ።

ይኹን እምበር፡ መሰነይታ ዘይብሎም ቆልዑ፡ ኣብ ካልእ ሃገር ኣባል ሕብረት ኤውሮጳ ዑቕባ ሓቲቶም፡ እሞ ኣገልግሎት ኢሚግሬሽን ዴንማርክ ምስ ኣብ ዴንማርክ ዝርከቡ ኣባላት ስድራቤቶም ወይ ኣዝማዶም ንኽራኸቡ ናብ ዴንማርክ ክመጹ እንተኣቢዩ፡ ይግባይ ክብሉ ይኽእሉ እዮም።

ኣብ ከምዚ ኩነታት እቲ ቆልዓ ብዛዕባ ይግባይ ክብልን ካብ ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ዴንማርክ ሓገዝ ክረክብን ከምዝኽእል ክሕበር እዩ። እቲ ቆልዓ ነቲ ካብ ኣገልግሎት ኢሚግሬሽን ዴንማርክ ውሳነ ምስ በጽሖ ቅድሚ 7 መዓልታት ምእካሉ ከይደንጐየን ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፉን ይግባይ ክብል ኣገዳሲ እዩ።

መሰነይታ ዘይብሎም ቆልዑን ኣብ ኣገባብ ዳብሊን ብዛዕባ እንህቦ ሕጋዊ ምኽርናን ውክልናን ንምፍላጥ ንተወሳኺ ሓበሬታ ንቤት ምኽሪ ስደተኛታት ዴንማርክ DRC ተወከሱ። በዚ ዝስዕብ መርበብ advice@drc.ngo ወይ በዚ ዝስዕብ ቁ. ስልኪ +45 33735000 ክትረኽቡና ትኽእሉ።